# ሃገራዊ ዋዕላ መወዳእታ ኩሉ ሽግራትና ኢዩ።

ብበላይ መስፍን ጀርመን

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ብቐዳምነት ልባዊ ሰላምታይ ተቐበሉ፡ ኣብዚ ንዘቕርቦ ሓሳብ ቀንዲ ዕላምኡ፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥን ብዙሕ ከማሓድር ዝኺልን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ዋና ጉዳዩ ኮይኑ ስለ ዘይፈልጥ፡ ስኣን ህዝባዊ ዝኾነን ብባይቶ ዝግዛእን ናይ መንግስቲ ቅርጺ ምውናን፡ ከም ሓደ ዘይሓስብን፡ ፈጺሙ ዘይሳማማዕን ሕብረተ ሰብ ኮይኑ ይርኤ ስለ ዘሎ ፡ ነቲ ኩሉ ዘሕለፎ ስቓይ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ጥዑይ ፍታሕ ክንደሊ ኣለና ካብ ዝብል ኢየ። ንኹሉ እቲ ዘጋጠሞ ዝተረረ ቃልሲ እናመከተ መጺኡ ከብቅዕ፡ካብ ነብሱ ዝተወልዱ ጠቕመ ፈሊጣውያን፡ ኣብ ዝኾነ ዘዘዐወቶ መድረኽ ቃልሲ ተሰኺዖም ብምጽናሕ እናዳናገርዎ፡ ተቓሊሱ ንዘዕቆቦ ይኹን ተቓሊሱ ከዕቁቦ ኣንፈት ንዘትሓዞ ኩሉ ኣብ መመድረኹ ናብ ጠቕሞም እናጠምዘዙ፡ ናይ ቃልሱ ፍረ ንጠቕሙ ከም ዘይከውን ብምግባር ኣብ ሽገር ከም ዝነብር ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ኩሉ ዝጠፍኦ ንምምላስ ሓደ ጥንቂቕ መንገዲ ሕዙ ሽግራቱ እንተስዒሩ ካብ ዓለሙ ኣይሓምቕን ኢየ።

ብኽንደይ ውረድ ደይብን፡ ብዙሕ መከራ ኣሕሊፍናን ፡ ሓያል ቃልሲ ኣካይድናን ዝረኸብናዮ ነጻነት ኣብ ሓደጋ ስለ ዝወደቐ፡ ብኸመይ ከም ዝጀመርናዮን ከመይ ኢልናኸ ናብዚ ሕጂ ዘለና ጸገም ተሳጢሕናን ፈሊጥና፡ ሕጂ ብኸመይ ነዚ ዘሎ ናይ ህዝቢ ጸገምን ናይ ሃገር ሽግርን ኩነታት ተቛጻጺርና፡ ብሓድሕዳዊ ምርድዳእ ኣብ ንቡር ንምምላሱ፡ ብሓባራዊ ቃልሲ ኣብ መደምደምታ ነምብጽሖ ኢልና፡ ቅድሚ ኩሉ ህዝባዊ መንግስቲ ኣብ ምግባር እንተ ተዓዊትና ኣብ ኤርትራ ኩሉ ነገር ኣሎ ማለት ኢዩ፡ ምኽንያቱ ህዝብና ሰነፍ ኣይኮነን ኩሉ ክኢላ ኢዩ።

ድሓር ካኣ ንእትቃለሰሉ ዕላማ ኣብ ኩሉ ጉዕዞኻ ንዘጋጥሙኻ ኩሎም ብኣሉታን ብኣወንታን ዝልለዩ ነገራት እናመዘንካ ክትምሃረሎም እንተዘይኪኢልካ እትቃለሰሉ ዕላማ ኹሉ ጊዜ ቀጻልነቱ ኣብ ሞንጎ ፍሽለትን ዓወትን ኣንጠልጢሉ ነቲ ጉዕዞ ኣንፈቱ ኣብ ምምዛን ዘይትኽለሉን እምነት ዘይተሕድረሉን ስለዝኸውን፡ ሚዛኑ እንዳሓለኻ ዘይተቓለስካሉ ዕላማ ነባሪ ኣይኸውንን ኢዩ፡ ርሑቕ ከይከድና ነዚ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ፈርከሽከሽ እናበለ ዝኸይድ ዘሎ ስርዓት ምርኣይ እኹል ኢዩ። ብዘይ ንጹር ዕላማን ሚዛንን ዝጉዓዝ ቃልሲ፡ ነቲ ምእንትኡ እትቃለስ ህዝቢ ተስፋ ዘቑርጽን ንባዕሉ ነቲ ዝቃለስ እውን ዘድክምን ኣብ ሓድሕዱ ፋሕ ብትን ዘእቱን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጉዕዞኻ ንዘጋጥሙኻ ነገራት ኩሎም ክትምሃረሎም፡ እሞ ናይቲ ዕላማ ጉዕዞ ንኹሉ ዘተኣማምንን ንነብሲ ወከፍ ካብ ጠርጠራን ስኽፍታን ነጻ ጌሩ ኣብቲ ቃልሲ እምነት ከም ዝህልዎ ዝገብርን ክኸውን ኣለዎ።

ስለ'ዚ ንሕና ንኹሎም እቶም ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ዘጋጠሙና ሕልኽልኻት መዚንና ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሓለፈ ጉዕዞና ብዕቱብ ክንርእዮን፡ ክንገምግሞን እሞ ድሕሪ እዚ ኹሉ ሓጎጽጎጽ ብተሞክሮ ተበጺሑ ንዘሎ መድረኽ፡ ነቕ ዘይብል ኣንፈት ኣብ ምትሓዝ ልዑል ናይ ቃልሲ ተራ ተጻዊትና፡ ንጉዕዞ ሒዝናዮ ዘለና ሓርነታዊ ቃልሲ ኣወንታዊ ውጽኢት ከም ዝርከቦ ክንገብር ኢዩ ዘለና። ንብዙሕ ሽግራት እናሰዓርና መጺእና ከነብቅዕ፡ ስለምንታይ ኣብ ከምዚ ሕጂ ዘሎ መሪር ኩነታት ወዲቕና፡ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ገምጋም የድሊ ኢዩ፡ በቲ ኣብ ታሪኽ ተመሊስካ ዝግበር ገምጋም ንዝፈጸምካዮም ጌጋታት ንኸይድገሙን ከምኡ እውን ዝሓሸ ሰሪሕካ ንቓልሲ ቅኑዕ ኣንፈት ከተትሕዞን ትኽእል፡ ብዝኾነ ሎሚ ተበጺሑ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ብምድጋፍ ጥራይ ኢና ህዝብና ከነድሕንን ኩነታት ሃገርና ኣብ ንቡር ክንመልስን ንኽእል።

## ሃገራዊ ዋዕላ

ሃገራዊ ዋዕላ ተገብረ ማለት ሓይሊ ዓመጽቲ ተሳዕረ ማለት ኢዩ፡ ብሃገራዊ ዋዕላ ብጥሜት ዝመውት ዘሎ ህዝብና ተደረረ ማለት ኢዩ፡ ማእለያ ዘይብሉ እሱር ካብ ማእሰርቲ ተፈትሔ ማለት ኢዩ፡ ብምስምስ ዶብ ኣብ ባርነት ተጸሚዱ ዘሎ፡ መንእሰይና ሓራ ወጺኡ ሓዳሩ ገበረ፡ ተማሓደረ ማለት ኢዩ፡ ሓረስታይ ናብ ስርሑ ወፈረ ማለት ኢዩ፡ ነጋዳይ ናብ ንግዱ ተዋፈረ ማለት ኢዩ፡ ሰራሕተኛ ሰሪሑ ተደረረ ማለት ኢዩ፡ ብሓጺሩ ሽግር ተወዲኡ ፍትሒ ነገሰ፡ ኮታ ሰላምን ራህዋን ቅሳነትን ኣብ ሃገር ሰፈነ ማለት ኢዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ሓደ ሰብ ወይ ሓደ ጉጅለ በይኑ ኮይኑ፡ ንኤርትራ ብኽምዚ ከማሓድራ ኢየ፡ ከምዚ ክገብረላ ኢየ ዝብል፡ ይህውትት ኣሎ፡ ኤርትራ ካብ ክንገብረላ ኢና እናበሉ ዘጥፍእዋ ሓራ ኮይና፡ ባዕላ ክትማሓደር ትደሊ ዘላ ሃገር ኢያ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓደን ዝገብርን ኩሉ ኪኢላን፡ ሓደን ተጸባያይ ካብ ኢድ ንሕና ኩሉ ኪኢላታት ኢና ዝብሉ ክኸውን ኣይኮነን ተቓሊሱ።

ኤርትራውያን ካብ ሎሚ ንድሓር ዋናታት ሃገሮምን ፈታሕቲ ሽግሮምን ባዕሎም ኢዮም፡ ልክዕ ኢዩ ሃገር እቶም ጠላማት ኣዕንዮምዋ ኢዮም፡ ግን ህዝቢ ኤርትራ ብጃህራ ዘይኮነስ፡ ብጠባዩ ምስ ሕብረተ ሰብ ዓለም ተማሓዝዩ ንሽግሩ ብዝቐልጠፈ ባዕሉ ኽፈትሖ ኢዩ። ደጊም ነቶም ብሓሶት ንኹሉ መንእሰይ፡ ንዓ ሃገር ጠፍኤት ንዓ ሃገር ከተድሕን ኢሎም ኣብ ውግእ ከም ዝጠፍኡ ዝገበርዎም፡ ብኸመይ ንዝክሮምን ንኸሕሶምን፡ ብኸመይከ ስድርኦም ንናቢ ኢዩ ሓሳብና። ነቶም ብምስምስ ዶብ ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ድፋዓት ሰፊሮም፡ ካብ ስድርኦም ርሒቖም ኣይውላድ ኣይተውላድ ኮይኖም ዘለው ብኸመይ ነነባብሮም ኢዩ ሓሳብና።

ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርትታት ዝሳቐዩ ዘለው፡ ብኸመይ ሂወት ረኺቦም ክልተሻዕ ከም ዝተፈጥሩ ይኾኑ ኢዩ ሓሳብና፡ እዝን ክንድዝን ክትግበርን ሃገር ኣብ ሂወት ምርካብ ክትሰጋገር ከላን ህዝብና ዕልል ክብል ኢዩ፡ እቲ ህዝቡ ዘፍቅር ድማ ኩሉ ብሓጎስ ፍንጭሕ ክብል ኢዩ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ክቐስን ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና